Brottsoffermyndigheten



# ብሰንኪ ክቱር ፍርሒ እስልምና ዝፍጸም ገበን ጽልኢ

እዛ ብሮሹር ንዓኻ ብምኽንያት ክቱር ፍርሒ እስልምና ግዳይ ገበን ጽልኢ ኴንካ ዝነበርካ ወይ ግዳይ ንኽትከውን ተስግእ ዝዓለመት እያ። ኣብዚ ብዝያዳ ብዛዕባ ክቱር ፍርሒ እስላማዊ ገበነት ጽልኢ፡ ግዳያት ዘለዎም መሰላት፡ ከመይ ጌርካ ናብ ፖሊስ ከም ተመልክትን ብዛዕባ ክትረኽቦ እትኽእል ሓገዝን ደገፍን ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ።



# ግዳይ ናይ ጽልኢ ገበን ኺኸውን ዝኽእል እዩ?

ግዳይ ገበን ምዃን ከቢድ ጥሕሰት ክኸውን ይኽእል እዩ። ብሰንኪ መንነትካ ግዳይ ገበን ክትከውን ከለኻ ነቲ ጥሕሰት ብዝያዳ ዝኸበደ ይገብሮ። ኣብ ከምዚ ኩነት ግዳይ ገበን ጽልኢ ኴንካ ክትህሉ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ሽወደን ዘይሕጋዊ ኣድልዎን ምልዕዓል ጸረ ዓሌታዊ ጉጅለን ከም ገበን ጽልኢ እዩ ዝቝጸር። ይኹን'ምበር ዝኾነ ይኹን ገበን ድርኺቱ ናይቲ ግዳይ ገበን መንነት ንምጥሓስ እንተ ኾይኑ፡ ገበን ጽልኢ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ዝስዕብ መሰረት ዝገበረ ክኸውን ይኽእል፦

- ሕብሪ ቆርበት
- ሃገራዊ ወይ ብሄራዊ መበቈል
- ሃይማኖት
- ጾታዊ ዝንባለ
- ስግረ ጾታዊ መንነት/መግለጺ
- ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ኩነታት።

ግዳይ ናይ ጽልኢ ገበን ንኽትከውን ናይ ግድን ካብዞም ጉጅለታት ሓደ ክትከውን ኣየድልየካን እዩ። እቲ ገበን ዝፍጽም ሰብ ከምኡ ኢኻ ኢሉ እንተ ኣሚኑ እኹል እዩ፡ ንኣብነት እቲ ሰብ ኣስላማይ ኢኻ ኢሉ እንተ ሓሲቡ።

## ናይ ጽልኢ ገበን ከቢድ መቕጻዕቲ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ሓደ ገበን ጽልኢ ዝፈጸመ ሰብ በቲ ገበን ብቤት ፍርዲ እንተ ተፈሪዱ፡ ንዝኸበደ መቕጻዕቲ ክፍረድ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ንሓደ ሰብ ዘፈራርሓ ወይ ዘከላበተ ሰብ፡ እቲ ዝፈጸሞ ገበን ከም ናይ ጽልኢ ገበን ጌርካ እንተ ተራእዩ፡ ንዝኸበደ መቕጻዕቲ ክፍረድ ይኽእል እዩ።

# ገበን ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ኣስላም

ክቱር ፍርሒ እስልምና፡ ብዛዕባ እስልምናን ኣስላምን ዘሎ ቅድመ-ፍርድን ተጻብኦን ዝገልጽ ሓደ ናይ ሓባር ኣምር እዩ። እዚ ልክዕ ምስ ጸረ-ሴማውነት፡ ክቱር ፍርሒ ወጻእተኛታትን ካልእ ዓይነት ዓሌትነትን ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ ንሰባት ኣስላም ስለ ዝኾኑ ወይ እዮም ኢልካ ስለ ዝኣመንካ፡ ንሰባት ብዘጥቅዕ፡ ዘግልል ወይ ኣድልዎ ዝገብር መልክዕ ተግባራት ይፍጸም።

ናይ ጽልኢ ገበናት ወትሩ ምህራምን ምርጋሕን ዘጠቓልለ ሓደ ከቢድ ፍጻመ እዩ ዝብል ልሙድ ኣተሓሳስባ ኣሎ። እንተኾነ ግን ከምኡ ክኸውን ኣየድልዮን እዩ። እዚ ብዛዕባ ምፍርራሕን ገሃስቲ ርእይቶታትን እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንገበናት ጽልኢ ዘቃልዕ እቲ ኣዚዩ ልሙድ ዝኾነ እዩ። ከምኡ'ውን ሓደ ሰብ ምስ ትካላት ወይ ብዓል መዝታት ኣብ ዝገብሮ ርክብ ኣድልዎ ከጋጥሞ ከሎ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ግዳያት ናይ ጽልኢ ገበን ዝኾኑ ሰባት ነቲ ፍጻመ ናብ ፖሊስ ኣየመልክቱን እዮም። እቲ ፍጻመ ናይ ጽልኢ ገበን ክኸውን ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳባት እውን ፈጺሙ ኣይመጽምን እዩ።

# ገበን ጽልኢ ወይስ ኣድልዎ?

ብተራ ኣዘራርባ ኣድልዎ ትብል ቃል መብዛሕትኡ ግዜ ንዝተፈላለዩ ዓይነት ዘይፍትሓውያን ኣተሓሕዛ ንምግላጽ እዩ ሰብ ዝጥቀመላ። ይኹን እምበር እቲ ዘይፍትሓዊ ተግባር፡ ብመሰረት ሕጊ ኣድልዎ ንኽከውን ምስ ሓደ ካብቶም ምኽንያታት ኣድልዎ ዝብሃሉ ምትሕሓዝ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ብመንጽር ሕጊ፡ ሽዑ እቲ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ብመሰረት ሕጊ ኣድልዎ ከም ኣድልዎ መጠን ዘይሕጋዊ ኣድልዎ ክኸውን ይኽእል።

ዘይሕጋዊ ኣድልዎ፡ ሓደ ኣብ ሕጊ ገበን ዝስራዕ ናይ ጽልኢ ገበን እዩ። ንኣብነት ከም ካልኦት ሰባት ብተመሳሳሊ ኰነት ክትሽምት፡ ሓደ ቦታ ወይ ኣገልግሎት ክትረክብ ምስ ትኽልከል፡ ግዳይ ናይ ጽልኢ ገበን ኴንካ ክትህሉ ትኽእል ኢኻ። እቶም ብገበን ዘይሕጋዊ ኣድልዎ ክፍረዱ ዝኽእሉ፡ ወነንቲ ትካላት፡ ሰራሕተኛታት ህዝባዊ ኣገልግሎት፡ ብህዝቢ ዝተመረጹ ፖለቲከኛታትን ህዝባዊ ምትእኽኻባት ዘዳልዉ ሰባትን እዮም። ሓደ ሰብ ብገበን ኣድልዎ ንኽፍረድ፡ እቲ ሰብ ደይመደይ ኢሉ ኣብ ልዕሌኻ ኣድልዎ ንኽገብር ዝሓሰበን፡ ኣብ ልዕሌኻ ኣድልዎ ከም ዝተፈጸመ “ኪኖ ምኽንያታዊ ጥርጣረ” ዝተረጋገጸን ክኸውን ኣለዎ።

ሕጊ ኣድልዎ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ህይወት፡ ጽላት ትምህርትን ካልኦት ሓያሎ መዳያት ሕብረተ ሰብን ኣድልዎ ይኽልክል። እዚ ካብ ዘይሕጋዊ ኣድልዎ ንላዕሊ ንብዙሕ ኵነታት ዝምልከት ኮይኑ፡ እቲ ብዝተፈልየ ኣገባብ ዝሕዘካ ሰብ ኮነ ኢሉ ዝገበሮ ክኸውን ኣይሓትትን እዩ። ስለዚ እቲ ሰብ ዋላ ኮነ ኢሉ ኣብ ልዕሌኻ ኣድልዎ ክገብር እንተ ዘይሓሰበ፡ ካሕሳ ንኽትረክብ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣድልዎ፡ ካብቲ ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ኣድልዎ ዝምልከት ሕግታት ንላዕሊ ብሕጊ ኣድልዎ ክርአ ብዝያዳ ዝውቱር እዩ።

ብዛዕባ ኣድልዎ ኣብ do.se ብዝያዳ ኣንብብ።

ኣድልዎ እንተ ኣጋጢሙካ፡ ምስ ብዓል መዚ ፖሊስ ወይ ምስ ተሓላቒ ፍትሒ ኣንጻር ኣድልዎ (Diskrimineringsombudsmannen) ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ሽዑ ብዛዕባ መሰላትካ ዝምልከት ሓገዝን ሓበሬታን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

# እቲ ገበን ኣበይ ይፍጸም?

ኣብ ልዕሊ ኣስላም ዝፍጸም ናይ ጽልኢ ገበን ኣብ ኵሉ ቦታ ከጋጥም ይኽእል እዩ። ኣብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ፡ ኣብ ኢንተርነት ወይ ኣብ ካልእ ቦታ ከጋጥም ይኽእል እዩ። እዚ ብዛዕባ ንኣብነት ገሃስቲ ቃላትን ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ኣብ ቱነልባና፡ ኣብ ድኳናትን ኣብ ኣደባባያትን መጐልበቢ (መቕንዓት) ምስሓብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ክቱር ፍርሒ እስላማዊ ገበነት ጽልኢ ኣብ ኢንተርነት፡ ብመልክዕ ምልዕዓል ጸረ ዓሌታዊ ጕጅለ፡ ምፍርራሕን ካልኦት ዓይነት ምግፋዕን ይፍጸም።

ዋላ ኣስላም ዘይኮኑ ሰባት እውን ከም ኣስላም ኮይኖም ስለ ዝተወሰዱ ወይ ምስ ኣስላም ወይ እስላማዊ ጉዳያት ምትእስሳር ኣለዎም ስለ ዝብሃሉ፡ ግዳያት ክቱር ፍርሒ እስላማዊ ገበነት ጽልኢ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ጋዜጠኛታት፡ ተመራመርቲን ፖለቲከኛታትን ኣብነት ናይቶም ግዳያት ንኽኾኑ ዘስግኡ ሰባት እዮም። ክቱር ፍርሒ እስላማዊ ገበናት ጽልኢ፡ ኣብ ልዕሊ ምስ ምስልምና ምትእስሳር ዘለዎም ህንጻታትን ቦታታትን እውን ክፍጸሙ ይኽእሉ እዮም።



# ሳዕቤናት ናይ ጽልኢ ገበን

ግዳያት ገበን ዝኾኑ ሰባት ብዝተፈላለየ መንገዲ ግብረ-መልሲ ክህቡ ይኽእሉ። ገሊኦም ሰባት ንኣብነት ስንባደ፡ ሻቕሎትን ፍርሕን ከርእዩ ከለዉ ካልኦት ድማ ክሳብ ክንድኡ ኣይጽለዉን። ኣብ ዝተናውሐ ግዳይ ናይ እዚ ገበን ምኳን፡ ብኹራት ብምኽንያት ሕማም፡ ቅዛነትን ጭንቀትን ከስዕብ ይኽእል እዩ። እዚ ንኹሉ ዓይነት ገበን ስለ ዝምልከት፡ ሕማቕ ምስ ትህሉ ሓገዝ ክትሓትት ኣገዳሲ እዩ።

ግዳይ ናይ ጽልኢ ገበን ምኳን ካልእ ሳዕቤን እውን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ሓደ ግዳይ ዝኾነ ሰብ ንኣብነት ኣስላማይ ምኳኑ ክሓብእ፡ ካብ ገሊኡ ቦታታት ክርሕቕ ወይ ዳግማይ ግዳይ ምእንቲ ከይከውን ኣብ ፖለቲካን ማሕበራትን ምስታፍ ከቋርጽ ክጅምር ይኽእል እዩ። እዞም ገበናት ኣብ ልዕሊ እቲ ግዳይ ዝኾነ ሰብን ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ካልኦት ሰባትን ዝይዳ ናይ ዘይውሕስነት ስሚዒት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።

ናይ ጽልኢ ገበን፡ ብሓፈሻ ንኣስላም ስኽፍኣ ኵነታት መነባብሮ ከስዕበሎም ይኽእል እዩ። ኣስላም ኣብ ሕብረተ ሰብን ኣብ ፖለቲካን ቦታ ንኽህልዎም ሓደ ዓይነት ዕድላት ከም ዘይብሎም ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል። ሰበኻታትን ማሕበራትን ብሰንኪ ተወሳኺ ኣድላይነት ስጉምትታት ጸጥታ ናይ ቍጠባ ጸገማት ከጋጥመን ይኽእል።

## ደገፍን ሓገዝን

ግዳይ ሓደ ገበን እንተ ኴንካ ክትረኽቦ እትኽእል ዝተፈላለየ ዓይነት ደገፍን ሓገዝን ኣሎ። ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸይድ እንተ ኴንካ ምስ ጥዕና ቤት ትምህርቲ (skolhälsan) ወይ ምስ ሓደ መምህር ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ትሰርሕ እንተ ኴንካ ምስ ወሃብ ስራሕካ ወይ ምስ ኣግለግሎት ጥዕና ትካላት (företagshälsovården) ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ኣብያተ ትምህርትን ወሃብቲ ስራሕን ንጥሕሰታት ክከላኸሉን ክኣልዩን ግዴታ ኣለዎም።

ኵሉ ግዜ ንኣብነት ምስ ከም ማእከል ግዳያት ገበን ዝኣመሰላ ሓገዝን ደገፍን ዝህባ ዝተፈላለያ ንመኽሰብ ዘይሰርሓ ማሕበራት ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ማእከል ግዳያት ገበን ኣብ ሽወደን፡ ንዓኻ ጽቡቕ ሽወደንኛ ዘይትዛረብ ወይ ብኻልእ ምኽንያታት ብቋንቋ ኣዴኻ ሓገዝ ክትረክብ እትደሊ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ብዙሕ ዝተፈላልየ ቋንቋታት ዝዛረቡ ወለንተኛታት ኣለዎም።

### ማእከል ግዳያት ገበን

ናብ ቍጽሪ ተሌፎን 116 006 ክትድውል ከለኻ፡ ምስ ሓደ ከባቢኻ ዘሎ ማእከል ግዳያት ገበን ዘራኽበካ ኣማኻሪ ክትዛረብ ኢኻ። ዋላ ነቲ ገበን ናብ ፖሊስ ኣይተመልክተሉ ደገፍን ሓገዝን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ'ውን መን ምዃንካ ከይትነግር ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ብመንገዲ ማእከል ክንክን ጥዕና ወይ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምስ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕናን ሕማምን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ክንክን ወይ ደገፍ ምስ እትደሊ፡ መርበብ ሓበሬታ ቮርድጋይደን 1177.se ክትርኢ ወይ ንምኽሪ ናብ 1177 ክትድውል ትኽእል ኢኻ። እቲ ፍጻመ ዋላ ቅድሚ ቁሩብ ግዜ ዘጋጠመ ይኹን፡ ንኽንክን ናብ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

መንእሰይ እንተ ኼንካ፡ ብመንገዲ ኣብቲ ትነብረሉ ዘሎ ክሊኒክ መንእሰያትን (ungdomsmottagningen) ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሓገዝን ንኽትረክብ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ'ውን ገሊኤን ኮሙናት ክትራኸቦ እትኽእል ንመንእሰያት ግዳያት ገበን ዝኸውን ማእከል ደገፍ (stödcentrum) ኣለወን።

## ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ኣብቲ ትነብረሉ ኮሙን ዘሎ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንዓኻ ግዳይ ገበን ዝኾንካ ደገፍን ሓገዝን ንኽትረክብ ክጽዕር ኣለዎ። ኣዝማድካ እውን ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ደገፍን ሓገዝን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክህበካ ዝኽእል ሓገዝ፡ ብዛዕባ ናይ ዝርርብ ደገፍን ካልእ ማሕበራዊ ደገፍን ተግባራዊ ሓገዝን ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ካብቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሓገዝ ርኸብ

ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት፡ ኣዝማድን ፈተውትን ብብዙሕ መገድታት ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። እቲ ከቢድ ኮይኑ ዝስምዓካ ምስ ትኣምኖ ሰብ ምስ ትዘራረበሉ ንኽትኣልዮ ክቕለልካ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ምስ ብዓል መዝታት ምርኻብ ዝኣመሰለ ተግባራዊ ነገራት ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ፡ ኣብ ከባቢኻ ካብ ዘለዉ ሰባት ሓገዝ ከድልየካ ይኽእል እዩ።



# ናብ ፖሊስ ምምልካት

ግዳይ ገበን እንተ ኼንካ ኔርካ ወይ ዕቑባ ዘድልየካ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ ምስ ፖሊስ ክትራኸብ ኣለካ። ናብ 114 14 ብምድዋል ወይ ናብ መደበር ፖሊስ ብምኻድ ናብ ፖሊስ ኣመልክት። እቲ ስግኣት ህጹጽ ሓገዝ ዘድልዮ ምስ ዝኸውን ናብ 112 ደውል።

ናብ ፖሊስ ከመልክት ከለኻ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ዝርዝር ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዘጋጠመ ነገር ናይ ጽልኢ ገበን ምኺኑን ዘይምኺኑን ንስኻ ክትፈልጦ ኣየድልየካን እዩ። ነዚ ምውሳን ናይ ፖሊስን ካልኦት ትካላት ፍትሕን ሓላፍነት እዩ። ኣብ እዋን መርመራ ናይ ፖሊስ፡ ብዝተኽእለ መጠን ብኣግኡ ናይቲ ገበን ጽልኢ ድራኸ እንተ ተፈሊጡሞ፡ ፖሊስ ንኣኽባር ሕጊ ምእንቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ንዝኸበደ መቕጻዕቲ ክሓትት ዝሓሸ ሓበሬታ ክህብዎ ይኽእሉ።

ፖሊስ ክፈልጥዎም ጽቡቕ ዝኾኑ ምልክታት፡-

- ኣብቲ ገበን እተፈጸመሉ እዋን ምስ ኽቱር ፍርሒ እስልምና ዝተተሓሓዘ ዝተጸርፈ ጸርፊ።
- ጸረ እስልምና መልእኽቲ ዘለዎም ግራፊቲ፡ ነገራትን ምልክታትን።
- ናይ'ቶም ጥርጡራት ናይ ቅድሚ ሕጊ ተግባር፡ ንኣብነት ቅድሚ ሕጂ ጸረ እስልምና ዝተዛረብዎ ዘረባ።
- ካልኦት ኣብ ቀረባ እዋን ወይ ቀረባ ቦታ ብሰንኪ ክቱር ፍርሒ እስልምና ዘጋጠሙ ፍጻሜታት።

## ናይ ፖሊስ ስራሕ ጸረ ገበናት ጽልኢ

ፖሊስ ሓደ ገበን ናይ ጽልኢ ገበን ድራኸ ከይህልዎ ንምፍላጥ ብዝተኻእለ መጠን ብኣግኡ ንምላጥ ይሰርሑ። ስለዚ እዩ ድሮ ኣብ ተመልክተሉ እዋን እቲ ገበን ዝፈጸመ ሰብ ነቲ ገበን ዝፈጸመሉ ፍሉይ ምኽንያት ንኣብነት ዓሌታዊ ወይ ክቱር ፍርሒ እስልምና ኣለዎ ኢልካ ትኣምን እንተ ኼንካ ትሕተት። ፖሊስ ብዛዕባ ድራኸ ገበን ጽልኢ ዝሓትሉ ካልእ ምኽንያት፡ ገበናት ጽልኢ ክሳብ ክንደይ ዝውቱር ምኺኑ ዝሓሸ ስእሊ ንምርካብ ከበርክት ስለ ዝኽእል እዩ። ኣብ ውሽጢ ፖሊስ ፍሉያት መርመርቲ ገበናት ጽልእን ክኢላታት ናይ ገበናት ጽልእን እውን ኣለዉ።

ኣስተብህል፦ ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ናይ ፖሊስ መርመራ ንሓደ ገበነኛ ናብ ክሲ ቀሪቡ በቲ ገበን ንኽፍረድ ኣየምርሕ እዩ። እዚ፡ ነቲ መርመራ ክትቅጽሎ ንምኽኣልን መን ገበነኛ ምዃኑ ንምርግጋጽን እኹል መርትዖ የለን ማለት እዩ። እዚ ማለት ግን ፖሊስ ወይ ኣኽባር ሕጊ ነቲ ዝበልካዮ ኣይኣመንዎን ማለት ኣይኮነን። እቲ ናብ ፖሊስ ትገብሮ ምልክታ እዚ ገበን ክሳብ ክንደት ልሙድ ምዃኑ ንምርኣይ ይሕግዝ እዩ።

## ንኻሕሳ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ

ግዳይ ገበን ጽልኢ ምስ እትኸውን፡ በቲ ገበን ንዝወረደካ ጉድኣት ካሕሳ ንኽትረክብ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። እቲ ገበን ድራኸ ገበን ጽልኢ እንተ ኔይርዎ፡ ዝለዓለ ካሕሳ ንኽትረክብ መሰል ከውሀብ ይኽእል እዩ።

### እተፈላለየ ዓይነት ካሕሳ

እዚ ዝስዕብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፦

- ካሕሳ ካብቲ ገበነኛ
- ካሕሳ መድሕን ካብ ትካል መድሕን
- ካብ ብዓል መዚ ግዳያት ገበን ዝኽፈል ካሕሳ መጉዳእቲ ገበን።

ብቐዳምነት እቲ ገበነኛ እዩ ነቲ ብሰንኪ እቲ ገበን ዝወረደ ጉድኣት ብመንገዲ ካሕሳ ክኽፍሎ ዘለዎ። ካሕሳ ትደሊ እንተ ኾንካ፡ ፖሊስ ብዛዕባ እቲ ፍጻመ ክሓቱኻ ከለዉ ክትሕብሮም ኣለካ። እቲ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ካሕሳ ምስ ወሰነ እቲ ገበነኛ እቲ ካሕሳ ክኽፍለካ ኣለዎ። ብዓል መዚ ኣስፈጻምነት (Kronofogden) ነቲ ገንዘብ ንኽትእክቦ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ዋላ ሓደ ገበነኛ በቲ ገበን ኣይፈረድ ወይ እቲ ገበነኛ ነቲ ካሕሳ ክኸፍሎ እንተ ዘይክኢሉ፡ ናይ መድሕን ካሕሳን ካሕሳ መጕዳእቲ ገበንን ንኽትረክብ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣብ ጕዳይካ እንታይ ከም ዝምልከት ንምላጥ ምስ ናይ መድሕን ትካልካ ወይ ትካላትካን ብዓል መዚ ግዳያት ገበንን ርክብ ግበር።

## ንዕቑባ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ

ስግኣት ምስ ዘጋጥመካ ወይ ግዳይ ናይ ካልእ ዓይነት ገበን ምስ እትኸውን፡ ዕቑባ ንኽውሃበካ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። ስለዚ እንታይ ከም ዘጋጠመን ውሕስነት ከም ዘይስምዓካን፡ ከምኡ'ውን ተደጋጋሚ ግዜ ንገበናት ጽልኢ ከይትቃላዕ ከም ትፈርሕ ንፖሊስ ክትሕብሮም ኣገዳሲ እዩ። ፖሊስ ናይ ሓደጋ ገምጋም ይገብሩ፡ ንዕኡ መሰረት ብምግባር ድማ ነቲ ዝውሃብ ደገፍን ምናልባት ዕቑባን ከም ዝሰማማዕ ይገብሩ።

ከምኡ'ውን ውልቃዊ ሓበሬታኻ ንኣብነት ኣድራሻ ገዛኻ ብስቱር ንኽተሓዝ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ሰለስተ ዝተፈላለየ ደረጃ ናይ ስቱር ውልቃዊ ሓበሬታታት ኣሎ፡- መመልከቲ ስቱርነት (sekretessmarkering)፡ ስቱር ህዝባዊ መዝገብ (skyddad folkbokföring)፡ ከምኡ'ውን ዝተማህዘ ውልቃዊ ሓበሬታታት (fingerade personuppgifter)። መመልከቲ ስቱርነትን (sekretessmarkering) ስቱር ህዝባዊ መዝገብን (skyddad folkbokföring) ንኽወሃበካ ናብ ብዓል መዚ ግብሪ (Skatteverket) ተመልክት።
ንዝተማህዘ ውልቃዊ ሓበሬታታት (fingerade personuppgifter) ካብ ብዓል መዚ ፖሊስ ተመልክት።

ኣስተብህል፡- ገበን ጽልኢ ኣብ ልዕሊ እቲ ግዳይ ናይቲ ውልቂ ገበን ዝኾነ ሰብ ጥራይ ዝፍጸም መጥቃዕቲ ኣይኮነን። እዚ ንመላእ ናይ'ቲ ግዳይ ዝኾነ ሰብ ጕጅለ መልእኽቲ ዝሰድድን ኣብ ልዕሊ ናጻ ሕብረተ ሰብና መጥቃዕትን እዩ።

ኣብ brottsoffermyndigheten.se ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ኣብዛ ብሮሹር ዘሎ ሓበሬታ ናብዚ ዝስዕብ ቋንቋታት እውን ተተርጒሙ ኣሎ፦

العربية – ዓረብኛ
دری – ዳሪ
English – እንግሊዝኛ
Kurmancî – ቋንቋ ሰሜን ኩርዲ (ኩማንጂ)
فارسی – ፋርስኛ (Farsi)
Romani-Arli – ሮማኒ
Af Soomaali – ሶማልኛ
سۆرانی – ቋንቋ ደቡባዊ ኩርዲ (ሶራኒ)
ትግርኛ – Tigrinja
Türkçe – ቋንቋ ቱርኪ

Brottsoffermyndigheten

Box 470, 901 09 Umeå
ተሌፎን፦ 090-70 82 00
registrator@brottsoffermyndigheten.se
www.brottsoffermyndigheten.se